# ዜና ጥቅምቲ 12፡ 2007

## ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ስራዊት ምትፍናን ይርአ ኣሎ፡ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ ክልቲኤን ሃገራት ናብ ረጽሚ ከይኣትዋ ይምሕጸን፡፡

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ሄራልድ ትሪብዩን፡ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባን ኪሙን ትማሊ ሓሙስ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን እናገደደ ዝኸይድ ዘሎ ወጥሪ ከምዘተሓሳሰቦን፡ ክልቲኤን ሃገራት እዚ ምትፍናን ናብ ዘይተደልየ መኣዝን ከየምረሐ እንከሎ ኣካይደአን ኽገትኣ ተማሕጺኑ።

እዚ ብዋና ጸሓፊ ዝወጸ ምሕጽንታ ድሕሪ'ቲ ብፕረዚደንት ኢትዮጵያ ግርማ ወልደጊዮርጊስ ኣብ ፓርላማ፡ “ኣንጻር ኤርትራ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣብ ዶብ ንምምዕባል” ዝወጸ መግለጺ ምኽኑ እቲ ዜና የብርህ።

እዚ ሎሚ ንግሆ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝወጸ ጋዜጣዊ መግለጺ ድሕር'ቲ ለንቀነ ኣብቲ ዶብ ዝተራእየ ናይ ቶኽሲ ኩነትን፡ኣብዚ ቐሩብ እዋን ኣብቲ ዶብ ዝርአ ዘሎ ምዕባለ ወተሃደራዊ ሓይሊ ናይ ክልቲኤን ሃገራት ምኽኑን ኣፈኛ እቲ ዋና ጸሓፊ ኽምዝሓበረ እቲ መርበብ ሓበሬታ ይገልጽ።

እቲ ዋና ጸሓፊ ብተወሳኺ እዚ ወጥሪ ናብ ሓደገኛ ገጹ ከይከደ እንከሎ ክልቲኤን ሃገራት ኽዕቀባን ንውዕል ኣልጀርስ ኽሰማምዓሉን ቃሉ ሂቡ። እቲ ብኮሚሽን ምሕንጻጽ ዶብ ዝተወሰነ ውሳኔ ንኽትግበር ከቀላጥፍኦ'ውን ጸዊዑ'ሎ።

## ኤርትራ ዝኾነ ይኹን ሓገዝ ኣየድልየንን'ዩ ትብል፡ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣብ ዝኸፍአ ድኽነት ይርከብ።

ኤርትራ ዝኾነ ይኹን ናይ ወጻኢ ሓገዝ ከምዝነጸገት  መርበብ ሓበሬታ ቦስተን ይሕብር።
ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራይ ልዕሊ 200 ሚልዮን ዶላር ወይ ድማ ልዕሊ 3 ቢልዮን ናቕፋ ዝግምገም ንህዝቢ ክወሃብ ዝተሓስበ ሓገዝ መንግስቲ ኤርትራ ነጺግዎ፡፡ ብዘይካ'ዚ ካብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክስደድ ዝተሓስበ ረድኤት፡ ካብ ዓለማዊ ባንክ ክወሃብ ዝተሓስበ ናይ ምምዕባል ልቓሕ፡ ካብ ዝተፈላለያ ናይ ረድኤት ትካላት ንትሕተ-ቅርጻዊ ስርሓት ዝተመደበ ገንዘባዊ ሓገዝ፡ ከምእዉን ንምምዕባል ናይ ጥዕና ትካላት ዝዓለመ ሓገዛት፡ መንግስቲ ኤርትራ ከምዝነጸጎ እቲ መርበብ ሓበሬታ ብተወሳኺ ይገልጽ።

ብዘይካ'ዚ እቲ ሓበሬታ፡ ኣብ'ዚ ዓለምና ናብ ዓለምለኻውነት ኣብ ተምርሓሉ ዘላ እዋን፡ ኤርትራ ካብዚ ዓንኬል ወጺኣ ተገሊላ ትርከብ ብምባል፡መንግስቲ ኤርትራ ዶባት ብምዕጻው፡ ናይ ንግዲ ኣታዊ ጠጠው ምባሉን፡ዝተፈላለዩ ዲፕሎማስኛታትን ናይ ሓገዝ ትካላትን ካብታ ሃገር ምስጓጉን፡ ካብ ዞባዊ ውድባት ምግላሉን እታ ሃገር ናብ ሓደገኛ መኣዝን ተንቆልቁል ኣላ ኸብል ይትንትን።

ብዘይካዚ መንግስቲ ርእሰ-ምርኮሳ ብዝብል ኣረኣእያ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ነቲ ብዓለማዊ ፕሮግራም ምግቢ ንልዕሊ 1 ሚልዮን ረዲኤት ናይ ምዕዳል ሓሳብ ጠጠው ኣቢልዎ'ዩ።ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ድማ ነቲ ብዓለማዊ ባንክ ነታ ሃገር ንምሕጋዝ ዝተመደብ ልዕል 100 ሚልዮን ዶላር ወይ ልዕሊ 1.5 ቢልዮን ናቕፋ ናይ ምምዕባል ልቓሕ እቲ መንግስቲ ነጺግዎ።

ካብ 2005 አትሒዙ ቁጽሪ ናይ ዓለም ለኻውያን ናይ ረድኤት ትካላት ካብ 37 ናብ 9 ጎዲሉ ይርከብ፡ብዙሓት ኣባላት እተን ትካላት ድማ ኣብ ስርሐን ዕንቅፋታት ኸምዝግበረለን ይጠርዓ'ለዋ።

እቲ ዜና፡ እታ ኻብተን ዝደኸያ ሃገራት እትምደብ ኤርትራ፡ ነዚ ዝተፈላለየ ሓገዛት ምእባያ ጎዳኢ ኸምዝኾነ የብርህ።